# ውሉድካ ብኢንተርነት ክድንደን ከሎ ሓገዝ ምርካብ

**ብኢንተርነት ዝግበር ድንደና – ኣብ ኢንተርነት ዘሎ ሰብ ሕሱም ክኸውን ከሎ ወይ ንኻልእ ሰብ ሕማቕ ከም ዝስምዖ ኽገብር፡ ከጕሂ፡ ወይ ከፈራርህ ከሎ እዩ። እዚ ንውሉዳት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ፡** ብኢንተርነት ኣብ ዝግበር ጸወታታት፡ ኣብ ኣፕሊኬሽናት፡ ወይ ኣብ ካልእ ብኢንተርነት ዝውሃብ ኣገልግሎታት ከጋጥሞም ይኽእል።

ሓደ ሰብ በዚ ዝስዕብ መገድታት ኣቢሉ ንውሉድኩም ሕማቕ ከም ዝስምዖ ኽገብሮ ወይ ከጕህዮ ይኽእል፡-

- ብዛዕባኦም ጐዳኢ መልእኽትታት ይሰድድ
- ናቶም ዘሕፍር ስእልታት ወይ ቪድዮታት ንኻልኦት ይዝርግሕ
- ኣብ ኢንተርነት ብዛዕባኦም ጐዳኢ ሕሜት ይዝርግሕ
- ብኢንተርነት ኣብ ዝግበር ናይ ጕጅለ ዕላል የግልሎም።
- ብዛዕባኦም ወይ ብዛዕባ ባህሎም ዓሌታዊ ዘረባ ይዛረብ።

ናይ ኢንተርነት ድንደና ንዝኾነ ሰብ ከጋጥሞ ይኽእል እዩ። ውሉዳትካ ሓገዝ ንምርካብ ናባኻ ወይ ናብ ዝኣምንዎ እኹል ሰብ ክመጹ ኽም ዝኽእሉ፡ ኣብ ጸገም ድማ ከም ዘይኣትዉ ኽፈልጡ ኣገዳሲ እዩ።

## ውሉዳትካ ብኢንተርነት እንተ ተደንዲኖም ምሕጋዞም

ውሉድካ ተሌፎን፡ ኮምፕዩተር፡ ወይ ካልእ መሳርሒ ኣብ ዝሕዘሉ እዋን ዝሻቐል ወይ ዝጭነቕ ዘሎ እንተ መሲሉ፡ እንታይ የጋጥም ከም ዘሎ ሕተቶ።

ንውሉድካ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኢንተርነት ጕድኣት ክወርዶ ኽም ዘይግባእ፡ በዚ እንተ ጕሃየ ኸኣ ንቡር ከም ዝኾነ ንገሮ። ነቲ ጕዳይ ባዕሎም ክፈትሕዎ እንተ ዘይክኢሎም፡ ንስኻ ኽትሕግዞም ትኽእል ኢኻ።

ውሉዳት ጸገማት ከጋጥሞም ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ሓገዝ ንምርካብ ናብ ኢንተርነት ይኣትዉ እዮም፣ ስለዚ ነገራት ከተዐሪ ኢልካ መሳርሒታትቶም ክትወስደሎም ሓድሓደ ግዜ ጽቡቕ ኣይኰነን።

## ብኢንተርነት ብዛዕባ ዝግበር ድንደና ጥርዓን ምቕራብ

1. መርትዖ ኣክብ። ነቲ ጐዳኢ ትሕዝቶ፡ ነቲ ኣድራሻ ወብሳይት (URL)፡ ንሽም ተጠቃሚ እቲ ኣካውንት ስኣሎ።

2. ናብቲ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ዝህብ ኣካል ጥርዓን ኣቕርብ። <u>መምርሒ ድሕንነት ኢንተርነት (eSafety Guide)</u> ነዚ ኽትገብር ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቲ ወሃብ ኣገልግሎት ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓት መልሲ እንተ ዘይሂቡ፡ ናብ esafety.gov.au ኣቲኻ ነታ ቀያሕ '<u>ብዛዕባ ህሰያ ጥርዓን ኣቕርብ (report abuse)</u>' እትብል ተጠዋቒት ጠውቃ።

3. ተወሳኺ ርክብ ኣወግድ። በቲ ኣብቲ ኤለክትሮናዊ መሳርሒ ዘሎ መፋትሕ (settings) ጌርካ ነቲ ሰብ ንኽይረኽበካ ዕጸዎ (ignore, mute or block)፣ ነቲ ናይ ብሕታውነት መፋትሕ (privacy settings) ድማ መርምሮ።

4. ዝያዳ ሓገዝ ርኸብ። ንሓደ እትኣምኖ በጽሒ ወይ ኣብ <u>Kids Helpline</u> (1800 55 1800) ወይ <u>headspace</u> ንዘሎ ኣማኻሪ ኣዛርቦ።




ድሕንነት ስድራ ቤትካ ኣብ ኢንተርነት ብኸመይ ከም እትሕሉ ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክብ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ወብሳይትና ኣቲኻ <u>eSafety Parents</u> ኢልካ ድለ።